## <u>ስርዓት ህግደፍ ካብ ናይ ገጠር ሕርሻን እንስሳ ዘቤትን</u>

## <u>ገንዘብ ንምምዝማዝ ዘኽእሎ ኣዋጅ ኣውጺኡ።</u>

*ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ቅድም ክብል ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣዋጅ ብምስራዝ፡ ካብ ኣታዊ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ግብሪ ንምእካብ ዝወጽአ ኣዋጅ 178/2016 ብዝብል ሓድሽ ናይ ምዝመዛ ኣዋጅ ከም ዘውጸአ፡ በዚ ኣዋጅ መሰረት ዓመታዊ ንሓደ ሄክታር 150 ናቕፋ ክከፍል ከም ዝኾነ፡ ብ3 ታሕሳስ 2016 ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ቁ 81 ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ ኣፍሊጡ ኣሎ።*

*እቲ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ተዘጊሑ ዘሎ ኣዋጅ፡ ብዘይካ ካብ መሬት ካብ እንስሳ ዘቤት፡ ማለት ከብቲ፣ ኣድገ በቕሊ፣ ግመል፣ ጠለ-በጊዕ ኣብ ሰፈረን ወይ ደምበኣን ብሸማግለታት እናተቖጽረ ዓመታዊ ግብሪ ከኽፍለን ምዃኑ፡ ዝተባህሎ ኣብ ግዜኡ ንዘይኸፈል ሓረስታይ ወይ ወናኒ ጥሪት ከኣ ከቢድ መቕጻዕቲ ከም ዝጸበዮን ኣጠንቂቑ።*

*ግብሪ ዝኽፈለሉ ግዜ፡ ብክራማት ከበሳን ምዕራባዊ መታሕትን ዝጥቀም ሓረስታይን ዋና ጥሪትን ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓመት ካብ መጀመርያ ወርሒ ታሕሳስ ክሳብ መወዳእታ ለካቲት ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ብክራማት ባሕሪ ዝጥቀም ሓረስታይን ዋና ጥሪትን ከኣ ካብ መጀመርያ ወርሒ መጋቢት ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት ኣብ ዘሎ ግዝያት ኮይኑ፡ ዝጥቀመሉ ስፍሓት መሬት፡ በዝሕን ዓይነት ጥሪትን ሽማግለ ዓዲ ብዝሰለዓሉ ግብሪ ክኸፍል ከም ዘለዎ የገድድ። እዚ ኣስገዳዲ ኣዋጅ ካብ ሓደ ግመል ኣብ ዓመት 100 ናቕፋ፣ ካብ ከብቲ ፈረስን በቕልን 50 ናቕፋ፣ ካብ ኣድጊ 25 ናቕፋ፣ ንጠለ-በጊዕ 13 ናቕፋ ከኽፈል ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።*

*ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ ህይወት ዝመርሑ ዘለው ሓረስቶትን ጓሶትን ኤርትራ በዚ ተዋሂቡ ዘሎ ናይ ነፍስ ወከፍ ዋጋ ተመን መሰረት እንተኸፈሎም ኣብ መነባብሮኦም ዝኸበደ ጸገም ዝፈጥር ከም ዝኾነ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ድሕሪት ተመሊሱ ንመስፍናዊ ስርዓት ሃይለ-ስላሴ ዘዘኻኽር ጨካን ኣዋጅ ከም ዝኾነን ወሃብቲ ርእይቶ ግልጺ ገይሮም።*

## <u>መዓልቲ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኢትዮጵያ ንመበል 11 ግዜኡ</u>

## <u>ኣብ ታሪኻዊት ከተማ ሃረር ብድምቀት ተኸቢሩ።</u>

*ብሰሪ ቀዳሞት ስርዓታት ዝኽተልዎ ዝነበሩ ኣድላውን ዓፋንን ፖሊሲ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ ደርባውን ብሄራውን ወጽዓታት ዘንቀሎ ናይ መሰልን መንነትን ሕቶ ቅድሚት መጺኡ፡ ድሕሪ ናይ 17 ዓመት ዝተናወሐ ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ ናይ ዓፈና ስርዓታት ምስ ተቐብሩ፡ ሕቶ መሰል መንነትን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኢትዮጵያ ምሉእ ብምሉእ ብደረጃ ሕገ-መንግስቲ ኣፍልጦ ረኺቡ ከም ዝተመለሰን ኣብ'ቲ ጽንብል ተገሊጹ።*

*ኣብ'ቲ ጽንብል ፕረሲደንትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሓለፍቲ ፈደራላዊ መንግስትን ክልላትን፣ መራሕቲ ሃገራት ኣዳንን ጅቡትን፣ ከምኡ'ውን መራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ካልኦት ዕዱማትን ወከልቲ ብሄራትን ብሄረ-ሰባት ከም ዝተረኽቡ፡ ፕረሲደንት ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዶ/ር ሙላቱ ተሾመ፡ ነቲ በዓል ዝምልከት ሰፊሕ መደረ ከምዘስምዑ፡ ብዘይካ'ዚ ኣብ'ቲ ክልል ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመት ዝተሰላሰሉ መደባት ልምዓት እናተዘዋሩ ከም ዝተዓዘቡ፡ ተወልደቲ ዝተፈላለዩ ብሄራትን ብሄረ-ሰባት ባህሎም ከላልዩን ሕድሕዶም ክፋላጡን ዕድለ ከም ዝፈጠረሎም ምግላጾምን ተለቪዥን ኢትዮጵያ ብ8 ታሕሳስ 2016 ጸብጺባ።*

## መንግስቲ ህግደፍ ኣብ መበል 107 ዋዕላ ቤት ምኽሪ ማሕበር ሰደተኛታት

## ብምስታፉ ንብዙሓት ከም ዘግረመሎም ተፈሊጡ።

መንግስቲ ህግደፍ ጠንቅን ተሓታትን ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምዃኑ፡ ብብዙሕ መረዳእታ ተረጋጊጹ ዝሓደረ ክንሱ፡ ከም ተሓላቒ ስደተኛታት ካብ 5-8 ታሕሳስ 2016 ኣብ ጀኔቭ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ማሕበር ስደተኛታት ምስታፉ፡ ንብዙሓት ከም ዘገረመሎምን ኤውሮጳዊ ሕብረት ዳግም ዝተዛበዐ መርገጻት ይሕዝ ከም ዘሎ ዘመላኽት ከም ዝኾነን፡ ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ሓቢሮም።

እቲ ኣህጉራዊ ማሕበር ንዋሕዚ ስደተኛታት ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዓለም ደረጃ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ካብ ቤት ንብረቶም ተፈናቒሎም መሰጋገሪ ሓገዝን ቀዋሚ ናይ ስራሕ ዕድላትን ክረኽቡ ዝጽበዩ ኣስታት ሓደ ቢልዮን ስደተኛታት ከም ዘለው ከም ዘነጸረ፡ እንተኾነ ንከም በዓል ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ዘሳተፈ ዋዕላ ኣብ ህይወት ስደተኛታት ካብ ዘረባን ብስም ስደተኛታት ናይ  ቃላት ጸወታን ሓሊፉ  ዘምጽኦ ለውጢ ከምዘየለን ኣረዲኦም።

ስርዓት ኢሳያስ ይብሉ እዞም ንመርገጽ ኤውሮጳዊ ሕብረት ብቐረባ ከም ዝከታተሉ ዝገለጹ ወሃብቲ ርእይቶ፡ ስርዓት ኢሳያስ ተሓኒቑ ናብ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ዝግባእ ጠንቂ  ኤርትራውያን ስደተኛታት ደኣምበር፡ ብስም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብ'ኽብሪ ክዕደምሲ ንዕቀት ንህዝቢ ኤርትራን ደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለምን'ዩ ድማ ኢሎም።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 09-12-2016